*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*
*ጨንፈር ሪያድ*

**جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية**
**فرع الرياض**

***ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT***
***Riyadh Branch***

# *መግለጺ መሪር ሓዘን*

*ንሕና ኣብ ሪያድ እንነብር ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣዝዩ ዘሰንብድ ወረ መስዋእቲ መራሒና ኣቦ መንበር ዶክቶር ሃብተ ተስፋማርያም ብምስማዕና መሪር ሓዘን ተሰሚዑና። ሞት ንቡር ስለዝኾነ ክትጻወሮ ክትፍን ግድን'ዩ። እንተኾነ ግን ጉዳይ ኤርትራን ህዝባን ኣብ ኣዚዩ ተሃዋሲ ኩነታት ወዲቑሉ ኣብዘለወሉ ጊዜ ከም በዓል ዶክቶር ሃብተ ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ሃገራውያን መራሕቲ፣ ብሞት ክፍለዩኻ ዘይጽወር ጥራሕ ዘይኮነስ ድርብ ሞት'ውን እዩ።*



*ፍጡር ኮይኑ ካብ ሞት ዘምልጥ ስለ ዘየለ እንሆ ድማ ዶክቶር ዕጭኡ በጺሓቶ ተፈልዩና። ካብ ኮነ ኸኣ ንስዉእ ዶክቶር ሃብተ መንግስተ ሰማያት የዋርሶ፣ ብቐዳምነት ንበዓልቲ ቤቱን ደቁን ከምኡ'ውን ንኩሎም ብጾቱን ንኩሎም ደለይቲ ለውጥን ድማ ጽንዓት ይሃብ ንብል።*

*ብጉዳይ ስዉእ ዶክቶር ሃብተን ካልኦት ስዉኣትን ኣብ ሃገራዊ ግዴኦም ዝተመርኮሰ ብዙሕ መግለጺታት ክወጽእ ይከኣል'ዩ። እቲ ብዝያዳ ነዞም ስዉኣት ኣብ ዘለውዎ ቅሳነት ዝህቦም ግን ነቲ ዝተሰውእሉ ዕላማ ኣብ መዕረፊኡ ንከብጽሕ መድረኽ ዝጠልቦ ቃልሲ ዘካይድ ሸንኽ ምስ ዝህሉ ጥራሕ'ዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ብምሉኣትና ኣባላት ግንባር ድሕነት ኤርትራ ጨንፈር ርያድ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ዓቕምና ብዝፈቕዶ ነዚ ዕላማ'ዚ ንምዕዋት ክንቃለስ ምኳና ቃል ንኣቱ።*

*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*
*ጨንፈር ርያድ*
*14-01-2017*